# አርሩ ናጽነትና

አርሩ ናጽነትና
አሩሩ ንብለኪ ቆልዓ ሕቑፎና
ንብለኪወ ቆልዓ ጡብና
ከመይ ዘይንብለኪ ህጻን ሕዝሎና
አሩሩ ንብለኪወ ቆልዓ ባህግና
ከመይ ዘይንብለኪ መዓልታዊ መግብና
አሩሩወ መዕገቢት መንፈስና
ንብለኪወ ሽሻይሞሮርና

ናጽነትና  መማመቒት  መጋሪያ ገዛና
አሩሩ ንብለኪወ ኣብዘለና ሃሊና
ንህላወኺ አንዲና ደሚና ተሰዊአና
አሩሩ ንብለኪወ ብመትከልና
ክንደኽመልኪ ኢና ክንምጉተልኪ
ክንብለኪ አሩሩ መዓልቲ ለይቲ
ንብለኪወ ብጥሙር ሓድነት
አሩሩ ንብለኪ ብዘይ ወገንነት
አሩሩ ንብለኪ ጸላትና ክሓሩ
ሰላም ክሰፍረኪ ንሓዋሩ
ጠለምቲ ክሓንኩ ክሓፍሩ
ክንብለኪና ንዘለኣለም አሩሩ
መታን ሰማታትና ቀሲኖም ክነብሩ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማታትና

ዓወት  ንሓፋሽ
ወልዳይ ተኸስተ